Nharnet.com News

ስርዓት ኢሳያስ ካብ ህልው ፖለቲካዊ ምቕይያራት ይመሃር'ዶ?

ቤት ጽሕፈት ዜና
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
27.06.2006

ድሕሪ ምዝዛም ዝሑል ኩናት: ሓድሽ ንፍትሕን ማዕርነትን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ዝጽውዕ ናይ ፖለቲካዊ ለውጢ ንፈስ ኣብ ዓለምና ክነፍስ ጀመረ። እዚ ከኣ፡ ኩለን መንግስትታት ዓለም፡ ንኹነታተን ምስ'ቲ ሓድሽ ክውንነት ብዝሰማማዕ ኣገባብ ንምስራዕ፡ ዳግማይ ርእይቶ ኣብ ፖለቲካዊ ገምጋማተን ክገብራ ኣገደደን። ብዘይ ጥርጥር ከኣ፡ እቲ ነቲ እተዓወተ ደምበ ዝመርሕ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኢዩ ንፖለቲካ ናይ ዓለምና በቲ ዝደልዮን ዝርኣዮን ኣገባብ ንምስራዕ ዝፍትን ዘሎ። እዚ ኩሉ ኣመሪካ ከረጋግጾ ዝደሊ ዘሎ ክብርታት ግን፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ግብሪ ክውዕል ይኽእል'ዩ ዝብል ተረድኦ የብልናን። ምኽንያቱ ከኣ፡ ብዙሓት ነዚ ናይ ኣመሪካ ዝመርሖ ደንበ ዝኽተሎ ፖሊሲታት ዘይቕበሉን ዘይዓግብሉን ሃገራት ስለዘለዉ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ዓቕምታቶም ድሩት ስለዝኾነ፡ ብጋህዲ ነቲ ናይ ኣመሪካ ፖሊሲታት ክቓወሙ ኣይክእሉን ኢዮም። ስለዝኾነ ድማ፡ እዞም ሃገራት እዚኣቶም ኣብ መንጐ ክልተ መረርቲ ምርጫታት ኢዮም ተቐቒሮም ዘለዉ። እምቢ እንተደኣ ኢሎም፡ ምስ ኣመሪካ ኣብ ግጥምያ ክኣትዉ፤ ሐራይ እንተደኣ ኢሎም ከኣ፡ ከይፈተዉ ተንበርኪኾም ክነብሩ ማለት ኢዩ።

ኪኢላታትን ተመራመርትን ናይ'ዘን መንግስታት እዚኣተን፡ ኣብ'ዚ ክልተ ምርጫታት'ዚ ተመርኩሶም ኢዮም፡ ንሃገሮም ካብ ቀጥዐን ጸቕጥታትን ናይ'ተን ሓያላት መንግስታት፡ ብፍላይ ድማ፡ ካብ ናይ ኣመሪካ ቀጥዐን ጸቕጥን ንምድሓን ዘኽእል ምርጫ ንምውሳድ መጽናዕታት ክገብሩ ዝጀመሩ። ኣብ'ዚ፡ እቲ ንዝምድናታት መንግስታት ዓለም ዝቅይስ ዝነበረ ሕግታት፡ ብምግሃድ ናይ ዓውለማ ወይ ግሎባላይዘሽን፡ ካልእ ትርጉምን ካልእ ተረድኦን እናሓዘ ምምጻኡ ምእማት ግድን ኢዩ። ካብ'ቲ ንናይ ፖለቲካ ሊቃውንትን ተመራመርትን ብዙሕ ዘካትዐን ዘስሓሓበን ዓበይቲ ጉዳያት ከኣ፡ ትርጉም ናይ ሃገራዊ ሉዓላውነትን፤ ሃለኽቲ ኣቕሑ ብዘይ ቀይዲ ካብ ሓደ ዶብ ናብ'ቲ ካልእ ክሰጋገሩ ዘፍቅድ ናጻ ዓለማዊ ንግዲ ክህሉ ኣለዎ ዝብልምን፤ እቶም ሓያላት ንሕቡራት ሃገራት ዓለም ከይተወከሱ፡ ንሰብኣዊ መሰላት ዝግህሱ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምእዳብ ሓላፍነት ክስከሙ ይግብኦም ዝብል ተረድኦታትን ኢዩ። ነዚ ምዕባለታት'ዚ ኣሰንዩ ዝመጸ ካልእ ምዕባለ ድማ፡ እቲ ንዓለምና ናብ ሓንቲ ንእሽቶ ቀሽሽ ዝቐየረ ተክኖሎጂካዊ ምዕባለ ኢዩ። ኣብ ተክኖሎጂካዊ መዳይ ብፍላይ ከኣ ኣብ ኢንተርነትን ሳተላይትን ዝተመዝገበ ዓበይቲ ለውጥታት፡ ነቲ ኣብ መንጐ ዝተፈላለዩ ቦታትት ዝነበረ ርሕቐት ኣሕጺርዎ ኢዩ።

ድምር ናይ'ዚ ምዕባለታት'ዚ፡ ንኹሎም ኣብ ስልጣን ዘለዉ ስርዓታት፡ ምስ'ቲ ህልዊ ሓፈሻዊ ጉዕዞ ዓለምና ተሳንዮም ክኸዱ ዝድርኽ ክውንነት ፈጠረ። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ፡ ገለገለ ዲክታቶርያውያን ስርዓታት ንዲሞክራስን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ክጽውዑን፤ በርገሳዊ ማሕበራትን ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ማእከላትን ንጥፈታቶም ከካይዱ ከፍቅዱን ዝርኣዩ ዘለዉ።

ገለገለ ስርዓታት ውን፡ ንውሽጣውን ኣህጉራውን ኩነታት ብግቡእ ድሕሪ ምግምጋም፡ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ናይ ግዳም ጸቕጥታት ምምጻኡ፡ ንጉዕዞም ቀይሮም፡ ገለገለ ለውጥታት ብምትእትታው ሓድሽ መርሆ ክኽተሉ ዝጀመሩ ኣለዉ። በዚ ድማ፡ ንውሽጣዊ ሃለዋቶም ብመጠኑ ከረጋግኡ በቕዑ። ገለ ካልኦት ከኣ፡ ብናይ ደገ ጸቕጥታት ተደሪኾም ምስ'ቶም

ዕጡቕን ሰላማውን ቃልሲ ዘካይዱ ተቓወምቶም ብምልዛብ ሽግራቶም ክፈትሑ ተራእዩ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ናይ መንጐኝነት ተራ ንክህልዎ ወይ ውን ባዕሉ ዘመሓድሮ ልዝባት ንክኸውን፡ ኣብ ልዕሊ መንግስታትን ተቓወምቶምን ጸቕጥታት ክገብሩ ጀመሩ። ኣብ ልዕል'ቲ፡ ነዚ ጠለባት'ዚ ዝነጸገ ወይ ዘይተቐበለ ሽነኽ፡ ፖለቲካውን ቀጠባውን እገዳታት ምግባርን ወተሃደራዊ ታህዲዳት ምጥቃምን ልሙድ ፖሊሲታት ሓያላት ሃገራት ኮነ። ዕብየት ናይ'ዚ ሓደጋታት'ዚ ብግቡእ ዝተገንዘቡ መንግስታት፡ ዓውለማ ወይ ግሎባላይዘሽን ዘምጽኦ ውድዕነት ምስ ግዜ ክቕየር ይኽእል ኢዩ ካብ ዝብል መበገሲ ነቒሎም፡ ንሃገሮም ናብ ዝኸፍእ ሽግር ከይነቕሑቱ ብምሕላይ፡ ምስ'ቲ ህልዊ ክውንነት ዝሳነ ለባም ፖለቲካዊ ምትዕጽጻፈት ክገብሩ ተራእዩ።

ኤርትራ'ኸ ኣብ'ዚ ኩሉ ምቅይያራት'ዚ ኣበይ ደው ኢላ ትረከብ?

ከም ኤርትራውያን መጠን ካብዚ ኩዳ ወጺእና ክንስዕስዕ ኣይንኽእልን ኢና። ርሑቕ ከይከድና ከኣ፡ ኣብ ከባቢና ዘለዋ ሃገራት ንመልከት። ሱዳን ንኣብነት፡ ናጽነታ ካብ ዝረኸበትሉ ዕለት ኣትሒዛ ኣብ ዘይቕሱን ፖለቲካዊ ሂወት'ያ ክትነብር ጸኒሓ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ናይ ህይወት ብዙሕ ሃሰያታት ወሪድዋ። ኣብ ሱዳን ንነዊሕ እዋን ዝቐጸለ ግርጭታት ሓድሓደ ግዜ ደማዊ፡ ካልእ ግዜ ድማ ዋላ ንሓጺር ግዜ ድኣ ይኹን እምበር ሰላማዊ መልክዕ ዝሓዘ ቃልስታት'ዩ ክካየድ ጸኒሑ። ንኣብነት፡ ብህዝባዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ሱዳን ኣብ ደቡብ ዝካየድ ዝነበረ ዕጡቕ ተጋድሎ፡ ወይ እቲ ብናይ ደቡብ ሱዳን ዝፍለጥ ሽግር፡ እቲ ቀንዲ ናይ ሱዳን ሽግር'ዩ ነይሩ። ብዘይካ'ቲ ብዕልዋ ስልጣን ንምቕያር ዝግበር ዝነበረ ገለገለ ፈተናታትን፡ ናይ ደቡብ ሱዳን ዕጡቕ ተቓውሞን ገዲፍካ፡ ካልእ ካብ ደገ ኮይኑ ጠለባቱ ብብረታዊ ተቓውሞ ከረጋግጽ ዝፈተነ ሓይሊ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ታሪኽ ሱዳን ተራእዩ ኣይፈልጥን ኢዩ።

ድሒሩ ግን እቲ ኩናት ኣብ ምዕራብን ኣብ ምብራቕን ክቀላቐል ጀሚሩ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ ካልኦት ዘይዕጡቓት ንለውጢ ዝጠልባ ፖለቲካውያን ሓይልታት ኣብ መላእ ሱዳን ምህላወን ዘይሳሓት ሓቂ እዩ። ኮይኑ ግን ድሕሪ እዚ ኹሉ ምፍሕፋሓት መንግስቲ ይኹን ተቓውምቱን ነቲ ሽግር ክኣምንሉ ጀሚሮም። ነዚ ሽግራት ከኣ ብሰላማዊ መንገዲ እምበር ብኩናትን ብደም ምፍሳስን ክፍታሕ ከምዘይካኣል ኣብ ናይ ሓባር ዕግበት በጽሑ። ካብዚ እምነት'ዚ ተበጊሶም ብፖለቲካዊ ሰላማዊ መንገዲ ጉዳያቶም ክፈትሑ ጀመሩ። እዚ ኸኣ ኣብ መላእ ሃገር ዘሎ ሱዳናዊ ዜጋ ዘስተማቕሮ ዘሎ ለውጢ ኢዩ። ብእስትራተጂካዊ ኣገላልጻ ከኣ፡ ገለ ኣሉታዉ ነገራት ገዲፍና፡ እቲ ተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ ምስ ጊዜ ሽቱኡ ክወቅዕ ምኗኑ ኣየማትእን'ዩ። ምኽንያቱ ሱዳናውያን ነዚ ኹሉ ጸገማት ሰጊሮም እሂን ምሂን ኢሎም ጉዳዮም ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ክፈትሑ ሙሉእ ብቕዓትን ተበግሶን ስለዘለዎም ኢዩ'። ሕጂ ግን፡ ልክዕ ከም'ቲ ናይ ደቡብ ሱዳን ዝመስል ውግኣት ኣብ ምዕራብን ምብራቕን ሱዳን ክካየድ ይርአ ኣሎ። ከምኡ ውን፡ እቲ ናይ ለውጢ ጠለባት ካብ ብረት ዝዓጠቕ ሽነኻት ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣብ ኹሉ ኮርንዓት ናይ ሱዳን ለውጢ ብሰላማዊ ኣገባብ ዝሓቱ ፖለቲካዊ ሓይልታት ውን ዘለውዎ ኢዩ። ድሕር'ዚ ኹሉ ግን፡ እቲ መንግስቲ ይኹን ብረት ዝዓጠቕን ዘይዓጠቕን ተቓወምቱ፡ ፍታሕ ዘድልዮ ሽግር ከምዘሎ ተቐቢሎም፤ ኹሉ ሱዳናዊ ዝቕበሎ ፍታሕ ብጐነጽን ደም ምፍሳስን ክመጽእ ከምዘይክእል፡ ኣብ ናይ ሓባር ዕግበት በጽሑ። ካብ'ዚ ዕግበት'ዚ ተበጊሶም ዝጀመርዎ ልዝብ ድማ፡ መቕድም ናይ ብስራቱ ኣብ ኹሉ ኮርናዕ ናይ'ታ ሃገር ዝነብር ሱዳናዊ ከስተማቕሮ ጀሚሩ ኣሎ። ስለ'ዚ ብስትራተጂካዊ ኣጠማምታን፡ ኣብ'ዚ ይኹን ኣብ'ቲ ሓሓሊፉ ዝግሃድ ንመስርሕ ሰላም ዝዓናቅጽ ተረኽቦታት ብዘየገድስን፡ ምስ ግዜ፡ እቲ ተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ ሽቶኡ ክሃርም ምኗኑ ርዱእ ኢዩ። እቶም ንብዙሕ ዕንቅፋታት ንምስጋር ዝበቕዑ ሱዳናውያን፡ ነቲ ተሪፍዎም ዘሎ ፍልልያት ብምርድዳእን ብብስለትን ክሰግርዎ ምኗኖም ድማ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ምኽንያቱ ከኣ፡ ሽግሮም ብሰላማዊ ልዝብ ንምፍታሕ ቆሪጾም ተበጊሶም ስለዘለዉ ኢዩ።

ድሕሪ'ዚ ናይ ሱዳን ኩነታት ምግላጽና፣ ናብ ኩነታት ጐረቤትና ዝኸሎነት ሃገር ኢትዮጵያ ክንሰግር ኣፍቅዱልና። ዝኸሎነ ይኸን ኢትዮጵያዊ ዜጋ ዲሞክራሲ፣ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ሃገርና ተረጋጊጹ ኢዩ፥ መስርሕ ዲሞክራሲ ተወዲኡ ኢዩ ኢሉ ዝጅሃር ዘሎ ኰይኑ ኣይስምዓናን። ዘጋጥሞ ዘሎ ጸገማት ብዘየገድስ፣ እቲ መስርሕ ናይ ዲሞክራሲ ጀሚሩ ከምዘሎ ግን ዘጠራጥር ኣይኰነን። ኣብ ከም ኢትዮጵያ ዝኣመሰሉ ሃገራት፣ ኣብ ታሪኽም ብሰንክ'ቲ መስፍናዊ ስርዓት ዘስረጸ ድሑር ተረድኦታት፣ እቲ መስርሕ ምስግጋር ናብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት፣ ብዙሕ መሰናክላት ከጋጥሞ ምኳኑ ርዱእ ኢዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ወይ ግንባር፣ ገለገለ ተዓዘብትን ምሁራትን ተመራመርትን ዘመዝግብዎ ኣሉታታት ብዘየገድስ፤ ኢትዮጵያ ናብ ድሓን ዝኸሎነ ዲሞክራስያዊ ሃገር ገጻ ተምርሕ ከምዘላ ዘጠራጥር ኣይኰነን።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ፣ ንኡሉም ፖለቲካዊ ሓይልታት ናጻ ኰይኖም ኣብ መንግስታዊ ናይ መራኸቢ ብዙሓን ፕሮራማቶም ክገልጹ ዘፍቅድ ምርጫ፣ ክምጐስ ዝግብኦ ኢዩ። ምኽንያቱ ከኣ፣ እቲ ስርዓት ናይ ካልኦት ርእይቶታት ከም ዝቕበል ዘረጋግጽ ጭብጢ ስለዝኸሎነ እዩ። እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ዲሞክራሲ፣ ንገለ ሕጽረታቱን ጌጋታቱን ገዲፍካ፣ ብኣጠቓላሊ ክረኤ እንከሎ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነጥቢ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ እዩ። በዚ ኰይኑ ቡቲ፣ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ መንግስቲ፣ ተቓወምቲ ከምዘለውዋ ኣይክሓደን ጥራሕ ዘይኰነስ፤ ንገለ ካብኣቶም ኣብ ውሽጢ እታ ሃገር ንጥፈታቶም ከካይዱ ውን ኣፍቂድሎም ኢዩ። እቲ ካልእ ርእይቶ ምህላዉ ምቕባል ንገዛእ ርእሱ፣ ኣብ መጻኢ ፍታሕ ከምጽእ ምኳኑ ዘካትዕ ኣይኰነን።

ስርዓት ኤርትራ'ኸ ካብዚ ኣብ ከባቢኡ ዝካየድ ዘሎ ለውጥታት ኣበይ ኢዩ ደው ኢሉ ዝርከብ?

ሃገርና፣ ካብ'ዚ ኣትያቶ ዘላ ቅልውላው ንምውጻእ፣ እቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ስርዓት፣ ጠንቂ ናይ'ዚ ኩሉ ቅልውላዋት ባዕሉ ምኳኑ ክኣምንን፥ ሓላፍነት ንምስካም ቅሩብነቱ ከርእን ይግባእ። እዚ ማለት ግን፣ ተቓወምቲ ሓይልታት ውን ንህዝቦም ካብ'ዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምንጋፍ ዘይምብቅየም፣ ካብ ሓላፍነት ምስካም ናጻ ክገብሮም ኣይክእልን ኢዩ።

ስርዓት ኢሳያስ፣ ንህዝብና ናብ'ዚ ብርሰትን ዕንወትን ዘብጽሐ ስርዓት ምኳኑ ተቐቢሉ፣ ኣብ ክንዲ ንህላወ ናይ ተቓወምቱ ምኽሓድን፣ ኣብ ልዕሊኦም ኣካላዊ ቅንጸላን ማእሰርትን ብምክያድ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክድምስሶም ኢሉ ምሕሳብን፤ ብህላወኦም ክኣምንን፣ ነቲ ኩነታት ናብ ባህርያዊ ቦታኡ ንምምላስ ክጻወትዎ ዝኽእሉ ተራ ከምዘለዎም ክርዳእን ይግባእ።

ከምኡ ውን፣ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ፣ ንጸገማት ኤርትራ ንምፍታሕ ብልዝብ ኣቢልካ ስልጣን ንህዝቢ ምርካብ ካብ ዝብል ጽኑዕ መትከላቶም ስድሪ ውን ትኹን ንድሕሪት ከይምለሱ ሓላፍነቶም ክስከሙ ይግባእ። ቡቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ተቓወምቱ ዝገብሮ ናይ ቀደም ይኹን ሓድሽ ጃህራን ምቀኑንጻብን መኣዝኖም ክስሕቱ ኣይግባእን።

ኣብ መጀመርያ ተስዓታት፣ ሓደ ጋዜጠኛ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንሓደ ናይ'ቲ ስርዓት በዓል ስልጣን፣ መንግስትኹም ንተቓወምቱ ናብ ሃገሮም ክምለሱን ብናጻ ክንቀሳቐሱን የፍቅድ ድዩ ክብል ንዘቕረበሉ ሕቶ ክምልስ እንከሎ፤ "ግደፍ'ዶ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ንጥፈታቶም ከካይዱ፤ ብህይወቶም ዘይኰነስ፣ ሬሳኦም ውን ክምለስ ኣይነፍቅድን ኢና" ክብል ብትዕቢት ከምዝመለሰ'ዶ ይዝከረኩም?

ንሕና፡ ንጸገማትና ብሰላማዊ ልዝብ ንምፍታሕ እንገብሮ ጸዋዒት ከይተሓለልና ክንቕጽሎ ኢና። ከም መርኣያ ናይ ጽቡቕ ድሌቱ ድማ፡ እቲ ስርዓት፡ ንኹሎም ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ብዘይ ቅድመ-ኩነት ክፈትሖም እንደገና ጸዋዒትና ነቕርብ። ድሕሪ'ዚ ኩሉ ከኣ፡ ናብ ልብኻ ተመለስ፡ ናይ ዕንወት ጉዕዞኻ ቀይር፡ ንህዝብና ንምድሓን ድማ ተበግሶ ውሰድ ዝብል ምኽርና ክንልግሰሉ ንፈቱ። እዚ ምግባር ግድን ኢዩ፤ እንተዘይኮይኑ ግን፡ ፈትዩ ወይ ጸሊኡ፡ ናብ ገደል ምእታዉ ኣይተርፎን ኢዩ። እዚ ዝኸሎነሉ እዋን ውን ርሑቕ ኣይኮነን።